50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጦ
ጎደና 2 ሄንሪቨል/Henryville ከምኡውን
ጎደና 152 154 156 ኢንከርማን/ Inkerman
ሰይንት ኪልዳ/ST KILDA

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓቢ ህንጸት ኣባይትን መደብ ዳግመ ምምዕባል ሰማይ ጠቀስ ደርብታትን ንምሕባር ኢና ንጽሕፈልኩም ዘለና።

እቲ ቅጺሉ ዘሎ ደረጃ ሕጂ ኣብ ሽውዓተ ሓደስቲ ቦታታት ይካየድ ኣሎ። እዚ ኣብ ትሽዓተ ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ሀሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ንምድላው ንግስግስ ኣለና ማለት እዩ።

**ህንጻኹም ሎሚ ከም ክፋል እቲ ቐጺሉ ዘሎ ደረጃ ዳግመ ህንጸት ኣይተኣወጀን።**

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዘሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028፡ እቲ ዳግመ ህንጸት ኣብ ዝካየደሉ እዋን ናብ ምቹእ ቤት ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ምስዞም ስድራቤታት እዚኣቶም ብቐረባ ክንዓዪ ኢና።

## ነቶም ናብ ካልእ ቦታ ዝግዕዙ ተቐማጦ ንምሕጋዝ ኣብ ጥቕኡ ሓደስቲ ኣባይቲ ንሃንጽ ኣለና

ነዞም ነበርቲ ብናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት ንምድጋፍ ድሮ ኣብ ጥቕኦም ብቅዓት ዘለዎም ሓደስቲ ገዛውቲ ይሰርሑ ኣለዉ። ኣብዚ ዓመት ክዛዘሙ ትጽቢት ይግበረሎም፣ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፡

- ጎደና Essex/ኢሰክስ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና Simmons/ሲሞንስ, South Yarra/ሳውዝ ያራ

- Barak Beacon/ባራክ ቢከን, Port Melbourne/ፖርት መልበርን
- Holland Court, Flemington/ሆላንድ ኮርት፡ ፍሌሚንግተን

እዞም ገዛውቲ ንምውዓይን ንምዝሓልን ዝቐለሉ ክኾኑ እዮም፣ ንናይ ምንቅስቓስ ድሌታት ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ምቹኣት ክኾኑ እዮም፣ ዝተመሓየሸ ዉሕስነት፣ ብርሃንን ንምንቅስቓስ ኣየርን ዘለዎም ከምኡ ድማ ባርኮኒን ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን ዘለዎም ክኾኑ እዮም።

## እቲ ራእይ ናይ ከባቢኹም

ኣብ ዝመጽእ ኣዋርሕ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ መደብ ንምምራሕ ንሓሳባትካ ንምዕዳም ተመሊስና ክንራኸብ ኢና። እቲ ራእይ ኣብ ድሕንነት፡ ብግቡእ ዝተነድፈ፡ ጽቡቕ ምትእስሳር ዘለዎን ጐረባብቲ ብሉጽ ኣባይቲ ንምድላው እዩ።

## ብዛዕባ መደብ ዳግመ ምምዕባል

ኣብ መልበርን ዝርከቡ ዝኣረጉ ሰማይ ጠቀስ ደርብታት ብዘመናዊ መለክዒ፡ ምቾት፡ ተበጻሕነትን ብቕዓት ጸዓትን ዘማልኡ ሓደስቲ ገዛውቲ ክቕየሩ እዮም። ነዞም ህንጻታት ዳግማይ ብምምዕባል፡ ነበርቲ ሕጅን ንመጻእን ውሑስን ኣብ ውሑስ፡ምቹእ ከምኡ ድማ ምስ ድሌታቶም ዝሰማማዕን ገዛውቲ ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ነረጋግጽ ኣለና።

ቅድሚ ጥሪ 2028 ዝጅምር ተወሰኺ ምግዓዝ ሰማይጠቕስ የለን።

## ምትእስሳርን እዋናዊ ሓበሬታን ይሃልኹም

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ እቲ ፕሮጀክት ምስ እዋናዊ ሓበሬታ ክንራኸብ ኢና።

ብተወሰኺ ናብ መርበብ ሓበሬታና ኣብ homes.vic.gov.au ብምእታው ኣብ ከባቢኹም እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ክትዕዘቡን እዋናዊ ዜናታት ንምርካብ ንዝመጽእ ሓድሽ ሓበሬታ ክትምዝገቡን ትኽእሉ ኢኹም።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026